# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

**ብሓልዮት ቤ/ጽ ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ**
**ዝዳሎ ሰሩዕ መጽሔት**

ፍሉይ ሕታም — ሚያዝያ 2024

## ትሕዝቶ መጽሔት


- ርእሰ ዓንቀጽ
- ሓጺር ጸብጻብ ራብዓይ ጉባኤ ግሃድኤ
- ቃል ኣቦ መንበር ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶ
- ቃል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል
- ቃል መሓዙ ውድባትን ናይ ደገፍ መልእኽትን
- ቀዳማይ ክፋል ኣብ ጉባኤ ካብ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ጸብጻብ
- ደምዳሚ መግለጺ ራብዓይ ጉባኤ ግሃድኤ




# *ርእሰ ዓንቀጽ*

*መጽሔት "ዲሞክራስያዊት ኤርትራ" ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ደም ምባላ፣ እነሆ ፍሉይ ሕታም ብምድላው፣ ራብዓይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ውጽኢታቱን ሓዚላ ንኽቡር ኣንባቢ ቀሪባ ኣላ። ኣብዚ*




*እዋን'ዚ ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ከባቢና ከምኡ'ውን ብዓለም ደረጃ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ኣዚዩ ተሃዋሲ ኮይኑ ምህላዉ ኩሉ ዝከታተሎ ሓቂ ኢዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ዞባና ዝርከባ ሃገራት ብውሽጣዊ ግርጭታት ተሓሚሰን ኣብ ውግእ ሕድ-ሕድ ጥሒለን ይርከባ። ብሰንኪ'ዚ ድማ ዞናና ብምሉኡ ርግኣት ስኢኑ ኣህዛብና ኣብ ኣሰቃቒ ኩነታት ተሸሚምም ኣለዉ። ካብዚ ኩነታት ንምህዳም እቶም ሃገራት ናይ ምህናጽ ተስፋ ዝንበረሎም መንእሰያት ሃገራቶም ራሕሪሖም እግሮም ናብ ዝመርሖም ክስደዱ ተገዲዶም።*

*ኣብዚ መዳይ'ዚ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ኣሰክፍቲ ምዕባሌታት፣ ኲናት ሩስያን ዩክሬንን፣ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ፍልስጤም ኣብ ጋዛ ተካይዶ ዘላ ኣዕናዊ ኲናትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሱዳንን፣ ኢትዮጵያን፣ የመንን ሊብያን...ወዘተ ዝካየድ ዘሎ ውሽጣዊ ኣዕናዊ ኲናትን ኢዮም። እዚ'ውን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ዞባውን ኣህጉራውን ሓይልታት ኣካሉ ዝኾና፣ ኣብ መንጎ ዓበይቲ ሃገራት ዝካየድ ናይ ዕብለላ ውድድር፡ ኪኖ ዶባት እተን ሃገራት ዝኸይድ ዓበይቲ ሓደጋታት ዘመልከት ኮይኑ፡ ብሓፈሻ ዞባውን ኣህጉራውን ጸጥታን ሰላምን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ዓበይቲ ተረኽቦታት ኣብ ሓደገኛ ጥርዚ በጺሑ ይርከብ። እዚ ኩነታት'ዚ ነቲ ኣብ መንጎ ዓበይቲ ሃገራት ዝነበረ ግጭት ዝሑል ኲናት ዳግማይ ዘዘኻኽር ኮይኑ፡ ዋጋኡ ድማ ኣህዛብ ዞናና ብፍላይ ኣህዝባ ዓለም ድማ ብሓፈሻ ክኸፍልዎ ምዃኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ካብ'ዚ ወድዓዊ ንባብ'ዚ ብምብጋስ እምበኣር፣ ራብዓይ ጉባኤ ውድብና እዚ ኣብ ዞባናን ኣብ ዓለምን ሰፊኑ ዘሎ ኩነታት'ዚ ብዑምቀት ተማያይጥሉ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም መጽሔት ዲሞክራስያዊት ኤርትራን፣ ኣብ ዝመጽእ ሕታማትናን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ደምዳሚ መግለጺ ጉባኤና ነዚ ብዝምልከት ብሰፊሑ ኣቕሪብናዮ ኣሎና።*

*ኣብዚ ፍሉይ ሕታም እውን ካብ ኣሓት ውድባትን ሃገራውያን ባእታትን ናይ ም ናይ ምሕዝነት መልእኽትታት ከነቕርብ ኢና።*

*ንክቡራት ኣንበብቲ ድምጺ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ብቐጻሊ ሓሳባቶምን ርእይቶኦምን ክልግሱልና ንምሕጽን። ብወገንና ድማ ብደረጃ ትጽቢት ኣንበብቲ መጽሔትና ከንክውን ቀጻሊ ጻዕሪ ከነካይድ ኢና።*

*ኣዳላዊ ኣካል መጽሔት*

# ራብዓይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ታሪኻዊት ከተማ ካሰል ይኽፈት

ራብዓይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ “ድሕነት ህዝብን ሃገርን ብሓድነት ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ ዝዕወት ማእከላይ ዕላማ’ዩ” ብዝብል ጭርሖ ብረቡዕ 21 ለካቲት 2024 ብወግዒ ተኸፊቱ።

ኣብ መኽፈቲ ጉባኤ ምክትል ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢ ሽማግለ ብጻይ ቶማስ ገብረሚካኤል ቃል ኣሰናዳኢ ሽማግለ ብምቕራብ፣ ብሳላ ተወፋይነት ኣባላት ውድብን፣ ዝነኣድ ምትሕብባር ኣብ መንጎ ኣሰናዳኢ ሽማግለን ፈጻሚ ኣካልን ዝተፈላለዩ ትካላት ውድብን ራብዓይ ጉባኤ ክካየድ ምብቕዑ ንኹሎም ኣባላት ውድብና ዮሃና ክብል ገሊጹ። ቀጺሉ ቃል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑን፣ ቃል ኣቦ መንበር ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶ ብጻይ መሓመስ ስዒድ ኢድሪስ (መፍለስን) ቀሪቡ። ክልቲኦም ኣቦ መንበራት ኣብ ዘቕረብዎ ቃል፣ ኣስነዳኢ ሽማግለ ራብዓይ ጉባኤ ዝገበሮ ጻዕርታት ክብ ዝበለ መጎስ ብምቕራብ፣ ኣባላት ግንባር ድሕነት ኤርትራ ንምዕዋት ጉባኤ ዝገበርዎ ኩሉ መዳያዊ ኣስተዋጽኦ ኣድኒቆም። ቀጺሎም ህዝብና ኣብ ትሕቲ ውልቀ መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ዘሕልፎ ዘሎ ኣሰቃቒ ኩንታት ብምግላጽ፣ ሃገራዊ ናጽነትናን ልዑላውነትናን ብዘውሕስ፣ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝካየድ ዘሎ ገድላዊ ዕማም ንምዕዋት ሓድነት ሃገራውያን ሓይልታት ክውን ንምግባር ኩሉ ዓቕምታት ውድብና ከነወፊ ከም ወትሩ ድሉዋት ክንከውን ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሮም። ኣብዚ መዳይ’ዚ ክልቲኦም መራሕቲ ውድብ፣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕቃብን ገድላዊ ተራኡ ንምሕያልን ዕዙዝ ተደላይነት ከም ዘለዎ ኣረጋጊጾም። ኣብ መደምደምታ፡ ነቲ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዝካየድ ቃልስታት ውዳበኡ ንምስዳም ዝከኣሎ ኩሉ ዝገበረ ጽኑዕ መሰረት ግሃድኤ ዓሚቕ ኣድናቖቶም ገሊጾም። ( ቃል ክልቲኦም ኣቦ መንበራት ኣብ ዝስዕብ ገጻት ናይዛ መጽሔት ተኸታተሉ)

ቀጺሉ ሓው መሓመድ እስማዒል ሁመድ፣ ኣቦ መንበር ሓባራዊ ላዕለዋይ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ልፍንቲ፡ ፡ ንኣባላት ጉባኤን ንኹሎም ተቓለስቲ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፡ ገድላዊ ሰላምትኡ ብምቕራብ፣ ራብዓይ ጉባኤ ብዓወት ክዛዘምን፣ ነቲ ኣብ መንጎ ውድባት ልፍንቲ ንዝካየድ ዘሎ መስርሕ ምውህሃድ ዘዕዝዝ ውሳነታት ሒዙ ክወጽእን ምንዮቱ ገሊጹ። ቀጺሉ ሓው ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት፡ መስርሕ ሓድነት፣ ብመሰረት ስምምዕ ትካላት ውድባት ልፍንቲ፣ ኣብ ምዝዛሙ ገጹ በጺሑ ምህላዉ ኣበሲሩ። ብምቕጻል፣ ዶር. ኣሕመዲን ሳልሕ ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ሃገርን ኣባል ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ልፍንትን፡ ንፍሉይነት ናይቲ ንኽልቲኦም ውድባትና ኣብ ሓባራዊ ስራሕ ዝኣሰር ዝምድና ዘጉልሕ ናይ ምሕዝነት ቃል ኣስሚዑ። ቀጺሉ፣ ራብዓይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ መስርሕ ሓድነት ሰለስቲኦም ውድባት ልፍንቲ ንምዕዋትን፡ መሰራታትና ብፍላይ ደላይ ፍትሒ ህዝብና ድማ ብሓፈሻ ተስፋ ብዝመልኦ ዝጸበዮ ዘሎ ውሳኔታት ከባርኾ ዘለዎ ባህጊ ገሊጹ። (እቲ ቃል ብምሉኡ ኣብ ዝስዕብ ገጻት ናይዛ መጽሔት ተኸታተሉ)።

ራብዓይ ጉባኤ ካብ ጨናፍር ውድብን፡ ከምኡ’ውን ካብ ብርክት ዝበሉ ፈተውቲ ትካላትን ሃገራውያን ፍሉጣት ባእታታትን ናይ ሰናይ ምንዮት ቴለግራማት ሰሚዑ።

ድሕሪ ናይ መኽፈቲ ስነ ስርዓት፣ ኣብ ቀዳማይ ውዕሎ ኣኼብኡ ብብጻይ ወልደስላሴ ዑቕበ እትምራሕን ብጾት ሳልሕ ሳዓድን፡ ኣልጋነሽ ገረዝግሄርን፡ መሓሪ ተስፋይን፣ ማሕሙድ ኢድሪስን ዝኣባላታን ስክረታርያ ጉባኤ ረቚሑ። ስክረታርያ ንኣካይዳ ጉባኤ ዝምልከት መምርሕን፣ ቀደም ተኸተል ዛዕባታት ጉባኤን፣ ናብ ጉባኤኛታት ብምቕራብ ጸዲቑ። ብኡ መሰረት ድማ ውዕሎታት ጉባኤ ብጽፈት ክሰላሰል ጀመረ።

ብድሕሪ’ዚ፡ ብማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ዝጸደቐ



ፖለቲካውን ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ኣብያተ ጽሕፈታት ፈጻሚ ኣካልን ዝምልከት ጸብጻባት ንኽትዕ ቀሪቡ። ኣብዚ መዳይ’ዚ መስርሕ ውደባዊ ስራሓት፡ ብገለ ኣባላት ኣብ ውሽጢ ውድብ ቅልውላው ንምፍጣር ዝገብርዎ ፈተነታት፣ መሰረታትን መሪሕነትን ውድብ ብውሕሉል ኣገባብ ከፍሽልዎ ምብቕዖም ብዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ቀሪቡ። ነዚ ብዝምልከት ዝተወሰዱ ኩሎም ተበግሶታት ብምግላጽ ክዕወቱ ዘየኽኣሎም ምኽንያታት’ውን በሪሆም። ጉባኤናታት፣ ነፍስ ኣብዚ ጉዳያ’ዚ ኣብ መንጎ ሓጋግን

ፈጻምን ትካላት ግሃድኤ ዝነበረ ናይ ቃልሲ ዝምድናን ጥቡቕ ምትሕብባርን፣ እቲ ጸብጻብ ብኣድናቖት ገሊጹ። ሰዒቡ፡ ብዛዕባ ስራሓት ዝተፈላለዩ ኣብያተ ጽሕፈታት ፈጻሚ ኣካል ብዝርዝር ዝገልጽን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ውደባዊ ስራሕ ዘጋጠሞም ኣወንታዊ መዳያትን ጉድለታትን ዝሓዘለ ሰፊሕ ጸብጻብ ቀሪቡ። ካብኡ ብምቕጻል ጸብጻብ ተቈጻጻሪትን ተሸታታሊትን ኣካል ቀሪቡ። ንዕኡ ድሕሪ ምስማዕ ጉባኤኛታት ዝቐረቡ ጸብጻባት ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቖም።
ካብዚ ብምቕጻል ፈጻሚ ኣካል፡ ሃገር ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ትሓልፎ ዘላ ቁጠባውን፡ ማሕበራውን ቅልውላዋትን ካልእ ንሓድነት ህዝብና ንኣሉታ ከጸሉ ዝኽእልን ንኣካውና ሕብረተሰብ ክብክል ዝኽእል ጉዳያት ዝትንትን ኩለመዳያዊ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ቀሪቡ። እቲ ጸብጻብ ብተወሳኺ ናይዚ ዝተጠቕሰ፣ ኣብ ዞባና ዝረአ ዘሎ ጂኦፖለቲካዊ ምዕባለታትን ኣብ ህሉውን መጻእን ሃገራት እቲ ዞባ ዘለዎ ጽልዋን ጠቒሱ።
ኩሎም ኣብቲ ጉባኤ ዝቐረቡ ጸብጻባት፡ ርእይቶታት ድሕሪ ምውሳኽን ብጉባኤማታት ዝቐረቡ ርእይቶታት ሓዊሱን፡ ብሙሉእ ድምጺ ጸዲቑ።
መጽሔት "ዲሞክራስያዊት ኤርትራ" ኣብ ራብዓይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ጸብጻብ፡ ጠቓሚ ኮይኑ ስለ ዝተራእየ፡ ኣገደስቲ ትሕዝቶታቱ ብኽፊል ከተቕርብ እያ።



## ቃል ኣቦ መንበር ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ

ክቡራት ብጾት ኣቦ መንበርን ኣባላትን ኣሰናዳኢ ሽማግለ ራብዓይ ጉባኤ
ክቡራት ኣቦ መንበርን ኣባላትን ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ
ኣሕዋትን ኣሓትን ኣባላት ራብዓይ ጉባኤ
ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማት ኣጋይሽና

ነዚ ጉባኤ ኣብ እንኸፍተሉ ዘለና እዋን፡ ኣብ ቅድሜኹም ደው ኢለ፡ ብስመይን ብስም ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶ፡ ራብዓይ ጉባኤና፣ ንኹሉ ዕንቅፋታት ሰጊርናን፡ ንኹሉ ጸገማት ተጻዊርናን፡ ከንካይዶ ምብቃዕና ሓጎሰይን ፍናነይን ክገልጽ ኩርዓት እሰምዓኒ። ንባህግታት ህዝብናን ንናጽነቱን ንሓርነቱን ዘማልእ ውጽኢት ሒዙ ከም ዝወጽእ ድማ እምነተይ ገደብ የብሉን። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ጉባኤ ኣብ ዝተመደበሉ ዕለት ምእንቲ ክካየድ፡ ነቲ ጸገማት ንምስጋር ዘይሕለል ጻዕሪ ንዝካየደ ኣሰናዳኢ ሽማግለ ልባዊ ምስጋናይን ዓቢ ኣድናቖተይን ኣቕርብ። ከምኡ'ውን ንኹሎም ምስቲ ሽማግለ ብምትሕብባር ዕማማት ምስንዳእ ኣብ ምፍጻም ዝተሓባበሩ ብጾት ልዑል ምስጋናን መጎስን ይብጻሓዮም። ኑቶም ካብ ዝተፈለለየ ሃገራት፣ ንኹሉ ጸገማት ጥሒሶም ወጻኢታቶም ባዕሎም ሸፊኖም ኣብ ጉባኤ ዝተሳተፉ ኣባላትን፡ ከምኡ'ውን፣ ዝነበርዎ ዘለዉ ቁጠባዊ ጸገማት ሰጊሮም፣ ብዘመናዊ መራኸቢ ዝተሳተፉ ኣባላት ጉባኤን፡ ዓሚቕ ኣድናቖተይ ክገልጽ ኣፍቁዱለይ።
ዝኽበርክሙን ዝኽብርክንን ብጾት!
ብጾተይ ኣባላት ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶም ንዝተዋህቦም




ዕማማት ብዝተመላእ ኣገባብ ብምፍጻሞም፡ ከምኡ'ውን ምስ ኩለን ትካላት ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚ ኣካል ናይ ምትሕብባርን ምውህሃድን ሃዋህው ኣብ ምፍጣር ዓቢ ተራ ብምጽዋቶም ክብ ዝበለ ምስጋና ከቕርብሎም ደስ እብለኒ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብ መንጎ ሓጋግን ፈጻምን ኣካላት ውድብና ዝነበረ ገድላዊ ዝምድናታት ተመላሊኢን፣ ኣብ መንጎኦም ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዝግበር ዝነበረ ምምኽኻር ቀጻልን ሃናጽን ምንባሩን ኣረጋግጸልኩም። ኣብ መንጎ ኣካላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ ዝተበጽሐ

ስምምዕ ብምምጓስ፡ እቲ ጉዳይ ብኣጋጣሚ ዝተበጽሐ ዘይኮነስ፡ እንታይ ደኣ ውጽኢት ዘይሕለል ጻዕርታት ናይ መጽናዕትን ዘተን፣ ሽማግለታት ሰልስቲኦም ውድባትና ምዃኑ ዝተረጋገጸ ሓቂ ኢዩ። ብሰንኪ'ቲ ዝተዳለወ መጽናዕትታትን ዝተኻየደ ነዊሕ ዘተን ልዝብን፣ ኣብ መንጎ ሰልስቲኦም ውድባት ምሉእ ሓድነት ንምርግጋጽ ኣብ ስምምዕ ክብጻሕ ተኻኢሉ። ብኡ መሰረትን ድማ፣ ክሳብ ምቛም ሓደ ውድብ መሰርሕ ምልፋን ዘማእከለ ሓባራዊ ላዕለዋይ መሪሕነትን ብዕሊ ቆይሙ። ከምቲ ኣብ መግለጺ ናይ'ቲ ቀቅድሚ እዚ ጉባኤ ዝተኻየደ ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ዘመልከትናዮ፡ ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ንድልየታት ተቓለስቲ መሰረታትናን ሓፋሽ ህዝብናን ንዝተበጽሐ ስምምዕ ሓድነት ንምትግባር ድሉዋት ምዃንና ኣረጋጊጹ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። ብተወሳኺ ኣብዚ ወሳኒ መድረኽ'ዚ፡ ኩሉ ሃገራዊ ሓይልታት ንኤርትራን ህዝባን ካብ ዘጋጥም ዘሎ ሕሱም ኩነታት ንምድሓን፣ ኣብ መንጎኦም ዝያዳ ምቅርራብ ንኽፍጠር ዝተዓጻጸፈ ጻዕሪ ክገብሩ እጸውዕ። ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዕማማትና'ውን ነቲ ነዊሕ ዝጸዓርናሉ ጽላል " ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ"፡ ክንዕቅቦን፡ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ኣድማዒ ተራ ንኽህልዎን፣ ካብዚ ዘለዎ ንኽስፈሖን ክንጽዕር ከም ዝግበኣንና ከዘኻኽር እፈቱ። ምኽንያቱ ድማ እዚ ጽላል'ዚ ምስ ዝሰፍሕ ቃልስና ንኽድንፍዕን፣ ሓድነትን ልዑላውነትን ኢታ እንፈትዋ ሃገርና ንምዕቃብ ውሕስነት ክኾነና ስለ ዝኽእል ኢዩ ። ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ኣባላት ራብዓይ ጉባኤ፡

ነቲ ተዋሂቡኩም ዘሎ ሓላፍነት ከም እትበቅዕዎን፡ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ንፍትሕን ነካይዶ ዘሎና ቃልስታት ዘደልድል ውሳኔታትን መደባት ስራሕን ሒዝኩም ከም እትወጹን እምነተይ ዓቢ ምዃኑ ከረጋግጸልኩም እፈቱ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኩሉ ጻዕርታትና ብዓወትን ክዛዘምን፡ ኣብዚ ኣዳራሽ ዘለኹም ክቡራት ብጾትን፡ ወይ ድማ ብዘመናዊ መራኸቢ ኣብዚ ጉባኤ ተሳተፉ ዘለኹም ብጾትን ኣኽብሮት ዝመልኦ ጉዳላዊ ሰላምታይ ብምቕራብ ቃለይ ኣብዚ እድምድም።

ኤርትራ ሃገርና ነጻን ሓራን ኮይና ትንበር!!
ክብርን ዘለኣለማዊ ዝኽርን ንስዉኣትና!!

# ቃል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ

ዝኽበርካ ኣቦመምበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዉድባዊ ጉባኤ
ዝኽበርካ ኣቦመምበር ማእከላይ ባይቶ
ዝኽበርኩም ኣባላት 4ይ ዉድባዊ ጉባኤ ግሃድኤ
ዝኽበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ
ዝኽበርኩም ኣሕዋትን ኣሓትን

እዚ ጉባኤ፡ ወጻኢ ካብ ድልየትና ፡ ኣብ እዋኑ ክካየድ ዘይምኽኣሉ ሽሕ እኳ ናቱ ምኽንያታት እንተሃለዎ፡ የግዳስ ንኹላትና ናይ ስክፍታ ስምዒት ኣሕድሩልና ምጽናሑ ዝሕባእ ኣይኮነን። በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ብጾት ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ በቲ ዘካየድዎ ዘይሕለል ጻዕሪ፡ እነሆ ሎሚ ጉባኤና ከካይድ ምብቃዕና፡ ክብርን መጎስን ይኹኖም።

እዚ ሎሚ ከነካይዶ ተጋቢእናሉ ዘለና 4ይ ዉድባዊ ጉባኤና፡ ኣብ ጽንኩርን ኣዝዩ ውስብስብ (COMPLICATED) ዝበለ ናይ ጂኦ-ፖሊቲክ-ስትራተጂ ጎንጽን ምፍጣጥን (ኡክራይንን፣ ቑዛን፣ ጉዳይ ታይዋን- ቻይናን፣ ምስፍሕፋሕ NATO ናብ ዶብ ራሻብ. . . ወዘተ ዝኣመሰሉ "ፖለቲካዉን ጸጥታውን ቁጠባዉን" ናይ ደፋእታዊ (ድርኺታዊ) ክዉንነት ዛዕባ ኮይኑ፥ ንሱ ክስዕቦ ዝኽእል ዓለምለኽ ጽልዋን ተጽዕኖን፡ ኤርትራ እንተኾነት'ዉን በቲ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ኣብ ዘባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዘለዋ ስትራተጂካዊ ኣቐማምጣ፥ ካብ'ቲ ክፍጠሩ ዝኽእሉ ናይ ኣደዳ ምናልባታት፡ ናቱ ግዳይ ከይትኸዉን፡ ምሉእ ብምሉእ፡ ተዳሊኻ ምጽናሕ እቲ መድረኽ ዝሓቶ ቅድመ ኩነት'ዩ። ኩነታት ፖለቲካ ዓለምን ኣተሓሳስባን ናይ ገዛእ ርእሱ ዲናሚዝም ዝዉንን ኮይኑ፡ ምስ እቲ ክኸሰት ዝኽእል ለዉጥን ኩነታትን፡ ማዕረ ማዕርኡ ፡ ንምስጓም ዘኽእለና ኣተሓሳስባን ናይ ለዉጢ ኣንፈት ዘመልክት ተዓጻጻፊ ኣረኣእያ ክንዉንን ይግባኣና፡፡
ብዉድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ደረጃ እነካይዶ ቃልሲ፡ ኣብ ሃገራዊ መትከላዊ ኣረኣእያ ዘትከለ፡ ናብ ዝሰፍሐ ፖለቲካዉን ማሕበራዉን ምጥርናፍ ዘማዕደወ ስትራተጂ፡ ብተዓጻጻፍነት ዝተሰነየ ናይ ምልዕዓል ምዑት ቃልሲ ከካይድ መድረኽ ይሓተና። ነቲ ዝመጽእ ምዕባልናታት ብኸመይ እና ክንገጥሞ ዝብል ሕቶ፡ ጉባኤና ነቲ ዝሓለፈ ዉድባዊ ተመኩሮታትና መዚኑ፡ ስርዒታዊ መሳልል ኣኽብርና፡ብዲሲፕሊን ተቐይድና ምስ'ቲ መድረኽ ዝሳነ፡ ካብ ጸቢብ ዉድባዊ ኣተሓሳስባን ካብ'ቲ መሃዝነት ኣልቦ ዝኾነ ልሙድ-ንጥፈታት (ROUTIN) ወጺእና፡ ኣሰራርሓና ከነማዕብል ናይ ኩላትና ጻዕርን ድልየትን ዝሓትት ጉዳይ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ነብስና ነሐድስ።

*ኣባላት ጉባኤ፡ ነዚ ዝምልከት ግቡእ ኣቓልቦ ከንብርሉ፡ ለበዋ ዝሓትት ጉዳይ ኣይኮነን።*

*4ይ ወድባዊ ጉባኤና፡ ብግሉጽነት ዝተሰነየን ብሃናጺ መንፈስ ዝካየድ ናይ ሓሳብን ስነ ሓሳብን ምቅብባል፡ ንዉሽጣዊ ህወት ወድብናን ንሓድነቱን ዘዉሕስን ዘተኣማምንን'ዩ። ካብ ጉባኤ ሕቡእ ቁስሊ ሕዝካ ምዉጻእ፡ ነቲ ወድብ ናብ ኅናዊ ምትኹታኽ ከምዝሽመም ምግባር፡ ኣዝዩ ድሑር ባህሊን ስልትን ኮይኑ፡ ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮታትና ተማህርና፡ እንደገና ኣብ ተመሳሳሊ ጌጋ ከይንወድቕ፡ ናይ ሓባር ሓላፍነት ምኳኑ ብምሉእ ድምጺ ነስምረሉ።*

*ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሰፊሕ መሰረታትን ደገፍትን ከምዘለዉዎ ዝከሓድ ሓቂ ኣይኮነን፡ የግዳስ ከነዳኽምን ክንስዕሮን እንተኾይና፡ ደገፍቱን መሰረታቱን ኣካል ናይ ደምበ ተቓዉሞና ክንገብሮም ቅድመ ኩነት ንኽንፈጥር ኩሉ እቲ ክግበር ዝከኣል ጻዕርታት፥ ኣካል ናይ'ቲ ነካይዶ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ዕማም እዩ። ነቲ ስርዓት ኣብ ሃሰዉሰዉን ድንግርግርን ንምእታዉ፡ ኣብ'ቲ ንሱ ዝዉንኖ ባይታ ምስራሕ የድሊ። ካብ ተጠቓዕቲ ምዃን ኣጥቃዕቲ ክንከዉን ንቕድሚት ንሰጉም። ነዚ ብዝምልከት ከኣ፡ ጉባኤና ሓድሽ ክዉንነት ዘማዕደወ ኣሰራርሓን ምስ ዉሽጢ ሃገር መላግቦ ዝሕይለሉ ኣገባብ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ንጹር ስትራተጂ ክሕንጽጽ ምስትንታን ዝሓትት ጉዳይ ኣይኮነን።*

*ደምበ ተቓዉሞ፡ ዝሓልፎ ዘሎ ኩነታት ኣዝዩ ሕልኽልኽ ዝበለ ኣብ ርእሲ ምዃኑን ብድኽመት ናይ ኣረኣእያ ዝተሰነየን ኮይኑ፥ ሃገር ጠቕስ ፖለቲካዊ ጉዳያት ብዝምልከት ከኣ፡ ብቕድመ ተኸተል ናይ ምስራዕ ቀዳምነታቱ ዘየነጸረ፡ ኣብ ቀጻሊ ድንግርግር ጥሕሉ ዝርከበሉ ግዜን እዋንን ዝነብር ዘሎ ኮይኑ፥ ነዚ ተፈ/ጢሩ ዘሎ ክፍተት ናብ ምቅርራብን ምርድዳእን ዘብጽሕ ኅደና ምኽፋት፡ ሃገራዊ ሓላፍነትና ምዃኑ ከይ ዘንጋዕና፡ ነዚ ክዉን ንምግባሩ ብቐጻሊ ክንሰርሓሉ ጸኒሓናን ኣለና።*

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ (ኤሃዲል)፡ ከም ኣሃገራዊ ሓድነታዊ ፕሮጀክት ብተግባር ከነዕዉቶ ምስ ንበቅዕ፡ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ዓብይ ስጉምቲ ንቕድሚት ዘረጋግጽ ሃገራዊ ፍጻሜ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፥ ንኻልኦት ዘተባብዕን ብስራት ንሓፋሽ ህዝብና ምዃኑን ከቶ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ናይ ሰለስተ ዉድባት ሓድነት፡ ሓያል ማሕበረ ኤትኒካዊ ኣቃውማ ዝሓዘ ኮይኑ፥ ኣብ ዝቕጽል መጻኢ ፖለቲካ ሃገርና ኤርትራ፡ ናብ ሰልፊ ተለዊጡ፡ ልሉይ ተራን ግደን ክጻወት ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኮይኑ፡ ነዚ ናይ ቀረባ ኣረኣእያን ናይ ርሑቕ ጠመተን ዘጠቓለለ ስትራተጂካዊ ስነ ሓሳብ ንምዕዋት ከኣ፡ ብዕቱብነትን ተወፋይነትን ወሳኒ እጃምና ነበርክት።*

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ*



*(ኤሃባዲለ)፣ ከም ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል'ዚ ምስ ኩሉ ድኽመታቱ፡ ኣገዳሲ ናይ ቃልሲ መሳርሒ'ዩ። ብፍላይ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ፡ ምስ ሃገራት ኮነ ምስ ዓለምለኽ ትካላት ዝምድናታት ንምፍጣር፡ ኣዝዩ ሓጋዚ ረጂሒ ምዃኑ ክንርስዕ የብልናን። የግዳስ ዳግመ ስርርዕ ዘድልዮ ስራሕ ከምዘሎ ከይረሳዕና፡ ብደረጃ ልፍንቲ ነካይዶ ናይ ሓባር ጻዕርታት፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ናብ ዝሓሸ ክውንነት ንኽሰጋገር ጻዕርታትና ወትሩ ቀጻሊ እዩ።*
*ኣብ መደምደምታ፡ ጉባኤና ኣብዛ ኣብ ቃልስ ህዝብናን ውድብናን ዕባይ ታሪኻዊት ከተማ ካሰል ዝጋባእ ዘሎ፡ እኩብ ድምር ታሪኽ ዉድብና ዝዓቀበት ደጅን ምዃና ኣዝዩ ልዑል ክብሪ ይስማዓና። ከም'ዉን ንኹሎም ኣባላት ዉድብ ተቐማጦ ጀርመን በቲ ዘበርከትዎ ኣስተዋጽኦ፥ ከም'ዉን ንኹሎም እቶም ካብ ርሑቕ ዝተጓዓዙ ኣባላት ጉባኤ ድኻሞም ከይጸብጸቡ ብኣካል ተሰታፍነቶም ዘረጋገጹ፡ ብስም ኩላትና ምስጋና ይብጽሓዮም። ኣብ ቁጽሪ 2 ዝካየድ ዘሎ ተምዓዳዳዊ ጉባኤ፡ በቲ ከብብዎም ዘሎ ናይ ጸጥታ ጽንኩር ኩነታት ከይተቖየዱ፡ ዕማም ጉባኤ ኣብ ምስልሳል ጸሚዶም ዝርከቡ ተጋደልቲ፡ ኣድናቖትን ልዑል ክብርን ይኹኖም። ከምኡ'ውን ብሰንኪ ዲኦግራፊካዊ ኣቀማምጥኦም ብዘመናዊ መራኸቢ ኣብ ጉባኤ ዝሳተፉ ዘለዉ ምዑታት ብጾት'ውን ክብ ዝበለ መጎስ ይብጽሓዮም።*

*ክብርን ዝኽርን ንስዋትና*
*ዓወት ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ'*
*ፍትሕን ዲሞክራስን ይንገስ*
*ዉድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ*

# ቃል ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ሃገር
# ዶር. ኣሕመዲን ሳልሕ ኣብ ራብዓይ ጉባኤ ግንባር ድሕነት ኤርትራ

*ክቡር ሓው ኣቦ መንበር ራብዓይ ጉባኤ ግሃድኤ*
*ክቡራት ኣሕዋትን ክቡራን ኣሓትን ደለይቲ ፍትሒ፡ ኣባላት ጉባኤ*

*ብቖዳምነት ኣብዚ ኣገዳሲ ጉባኤኹም ቃል ክነቕርብ ዝገበርኩሙልና ዕድመ ከመስግነኩም እፈቱ፣ ብስመይን ብስም መሪሕነትን ኣባላትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ሃገር፣ ነዚ ከቢቡና ዘሎ ከቢድ ኩነታትን ገዚፍ ብድሆታትን በዲህኩሙን ሰጊርኩሙን እትካይድዎ ዘሎ ጉባኤ ኣዚዩ ኣገዳሲ ምዕራፍ ኣብ ቃልሰኹም ምዃኑ ዘመስክር ኢዩ። እዚ*



*በጺሕኩሞ ዘለኹም ምዕራፍ ነቲ ኣብ ከባቢና ተኸስቱ ዘሎ ሓደገኛ ለውጥታትን፣ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ንኹነታት ብኣሉታ ዝጸለዎ ተረኽቦታትን፣ ካብኡ ዘይንእስ ኣብ ጎረባብትና ተባሪዑ ዘሎ ግርጭታትን፣ ብግቡእ ገምጊሙ፣ ህዝብና ናጽነቱ ክዕቅብን፣ ሓርነቱ ክጐናጸፍን፣ ኣብ ዓዱን መሬቱን ከም ካልኦት ኣህዝባ ከቢሩ ክነብርን፣ ካብ ኣርዑት ጃንዳ ስርዓት ህግደፍ ንምንጋፍ ነካይዶ ዘሎና ቃልሲ፣ ጉባኤኹም ኣገዳሲ ውሳኔታት ሒዙ ክወጽእ ምዃኑ ፈጺምና ኣይንጠራጠርን።*
*ዉፉያት ተቓለስቲ፡*

*ፍሉይነት ዝምድና ክልቲኡ ውድባትናን፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ልፍንቲ ሰለስቲኣን ውድባት ኣብ ሓባራዊ ስራሕ ተጸሚድና ንቕጽሎ ዘሎና ናይ ቃልሲ ተመክሮን፣ ነዚ ኣብ መንጎ ሰለስቲኣን ውድባትና ፍጹም ሓድነት ንምብጻሕ ተሊምናዮ ዘሎና ዕማም ኣብ ሸትኡ ከነብጽሖ ናይ ግድን ይኸውን። እዚ ስጉምት እዚ መሰረታትና ብፍላይ፣ ደላይ ፍትሒ ህዝብና ድማ ብሓፈሻ፣ ብዓቢ ተስፋ ዝጽበዮ ዘሎ ጉዳይ ስለ ዝኾነ ዝጽበዮ ዘሎ ክውን ዝገብር ውሳኔታት ሒዝኩም ከም እትወጹ ፈጺምና ጥርጥር የብልናን።*

*ኣብ መደምደምታ ምስጋናይ ደጊመ ኣቕርብ፣ ጉባኤኹን ብዓወት ክዛዘም ድማ ትምኒት መሪሕነትን ኣባላትን ሰልፍና ምዃኑ ከረጋግጸልኩም እፈቱ።*

*ክብርን ዘለኣለማዊ ዝኽርን ንስዉእትና !!*

EPC
Eritrian People Conference
المؤتمر الشعبي الإرتري

*ክቡራት ኣሕዋት መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*

*ሰላምን በረኸትን ምሕረትን ፈጣሪ ይብጻሕኩም*

*መሪሕነትን መሰረታትን ህዝባዊ ጉባኤ ኤርትራ፡ ብምኽንያት ምክያድ ራብዓይ ውደባዊ ጉባኤኹም ሓጎሱ ብምግላጽ ዮሃና ይብለኩም። ኣብ ቃልስኹም ቀጻሊ ዓወት ክትጐናጸፉ ድማ ምንዮቱ ይገልጽ። ጉባኤኹም፣ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘሐይልን ንኣድማዕነቱን ሓድነቱን ዘውሕስን፡ ከምኡ'ውን ሃገራውያን ሓይልታት ዓቕምታቶም ኣብ ሓደ ብምጥርናፍ ካብ ኣግላልን ገባትን ስርዓት ህግዲፍ ሓራ ንምውጻእን ኣብ ሃገርና ድማ ሓርነትን ዲሞክራስን ሰላምን ንምርግጋጽን ዝካየድ ንዘሎ ቃልሲ ዘዕዝዝ ውሳኔታት ሒዙ ክወጽእ እምነት ኣሎ።*

*ፈጣሪ ዓወት ይሃበኩምን ጉዕዞኹም የስምረልኩም !!*

*ህዝባዊ ጉባኤ ኤርትራ*
*ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት*
*ለካቲት 25, 2024*

# ኣብ ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤ ግሃድኤ
# ካብ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ጸብጻብ
## (ቀዳማይ ክፋል)

## መቕድም:

እነሆ ናብ ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤ በጽሕና ንርከብ። እዚ ጉባኤ'ዚ ኣብ ግዝይኡ ክሰላሰል ዘይምኽኣሉ፡ ካብ ድልየታትና ወጻኢ ብዝኾነ ጸገማት ዝተገዝአ ምንባሩ ንኹላትና ኣባላት ውድብ ንጹር ኮይኑ፡ ሓደ ካብ'ቲ ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝግባእ ምኽንያት ሕማም ለበዳ ኮሮና ንኣስታት ልዕሊ ክልተ ዓመታት ዝወሰደ ህልቂት ምንባሩ ዝዝከር እዩ። እዚ ቀጽሉ ነቕርቦ ዘለና ጸብጻብ፡ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ዛዝምና ምስ ወጻእናን፡ ንሓድነት ውድብና ኣብ ፈተነ ዘእተወ መድረኽ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ጥውይ ህወት ውድብና ናብ ንቡር ቦታኡ ንምምላስ ዘጥፈእናዮ ግዜን ጻዕርን፡ ብዋጋ ናይ'ቲ ክንሰርሖ ዝግባእ ዝነበረና ምንባሩ ክነስምረሉ ይግባእ፡፡ ኣብ ከባብና ዝተራእዩ ዘባዉን ዓለምለኸ ዉጥናትን ምዕባሌታትን፡ ኣብ ጎረባብትና ዝኾና ሃገራት (ኢትዮጵያን ሱዳንን) ዝተኻየደን ገና'ዉን ዝቕጽል ዘሎ ዉግኣትን፡ ንሰም ዘስዓብዎ ዕንወትን ብርሰትን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ተቃውሞ ሓይልታቱን ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሕደረን ንሃገርና ኤርትራ እንተኾነ'ዉን ዝለከመ፡ ከም'ዉን ንመላእ ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ መዋጥር ከምዝሸመም ዝገበሩ (ፖለቲካዊ - ቁጠባዊ - ማሕበራዊ) ኣሉታዊ ዝኾኑ ፍጻሜታት ከሰንዩና ጸንሖምን ኣለዉን ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምዉዳቕ ናይ ሓባር ቅልጽም ኣረጋግጽካ፡ ዕቱብ ቃልሲ ንምክያድ ስጋብ ሕጂ ንምዕዋቱ ከም'ቲ ዝግባእ ቅድመ ኩነት ክማላእ ኣይተኻእለን ዘሎ። ደምበ ተቓዉሞ፡ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ፡ ኣብ ኣዝዩ ጽጉም ኩነታት ጥሕሉ ኣብ ዝርከበሉ እዋን፡ ምስ እተን ንዓና ዝመስላ ሃገራዊ ዉድባት፡ ጉዳይ ሓድነት ማእከላይ ስትራተጂካዊ እምነትና ምዃኑ ኣሚና፡ ክንሰርሓሉን ክነዕዉቶን ይግባእ። ልፍንቲ ሰለስተ ዉድባትና፡ ነዚ መትከላዊ እምንቶን እምነትን ንምዕዋት፡ ናብኡ ዘቕነዐ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ይርከባ፡ ከም'ዉን ናይ'ቲ ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል (ኤሃባደለ፣ ኣካላት ብምዃንን ከኣ፡ እዚ ጽላል ንኹሉ ሓይልታት ዝሓቖፈ፡ ናብ ዝበረኸ ንምስግጋሩ እጃመን ከበርክታ ጸንሐንን ዛግት'ዉን ኣለዋ። (ሓበሬታ ጉዳይ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ብዝምልከ ትኣብ ዝቕጽል ብዝርዝር ክቐርብ ኢዩ)።

እዚ ኣብ መሬት ፈለስጢን ኣብ መንጎ (እስራኤልን- ሓማስን) ዝካየድ ዘሎ ዉግእ፡ እቲ ሕጋዊ መሰል ርእሰ ዉሳኔ ህዝቢ ፈለስጢን ተረስዑ፡ ናብ ናይ ምጽናት ኩናት ተለዊጡ፡ ብፍላይ ኣሻሓት ህጻናትን ደቂ ኣንስትዮን ከም ዒላማ ተወስዶም፡ ይጸንቱ ምህላዎም ኣብ ትሕቲ ኣፍልጦ መላእ ዓለም ዝፍጸም ዘሎ ገበን እዩ። ንስለ ፍትሒ ዝቃለስ ዘሎ ህዝቢ ፈለስጢን ፡ መሰሉ ከረጋግጽ ዝኸፍሎ ዘሎ ክቢድ ዋጋ፡ ዉድብና ወትሩ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ፈለስጢን ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ ደጊምና መርገጽና ነነጽር። ድሕር'ዚ ኣዕናዊ ዉግእ ዝስዕብ መሰረታዊ ናይ ጆኦ ስትራተጂ ዓለምለኻዊ ለዉጢ፡ ብፍላይ ንዞባና ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ፡ብቐረባ ዝምልከተና ኮይኑ፡ ኣብ ጉዕዞ ቀጻሊ ቃልስና ፡ ናቱ ጽልዋታት ክህልዎ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

## 1. ስርዓት ህግደፍ:

እዚ ውልቀ ምልካዊ ስርዓት፡ ንህዝብናን ሃገርናን ጮቑኑ ዝገዝእ ዘሎ፡ ብኤርትራዊ ብዓልቤታዊ ሮቛሒታት ዝተሰነየ ሱር ነቀል ለዉጢ ንምርግጋጽን ፍትሓዊት ዲሞክራስያዊት ሃገር ንምህናጽን፡መትከላዊ መርገጽ ዉድብና ምዃኑ፡ ስጋብ መወዳእታ ነዚ ዕላማ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ዘይሕለል ቃልስና ውትሩ ቀጻሊ ምዃኑ ነረጋግጽ። ስርዓት ናይ ምልዋጥ (REGIME CHANGE) ኣብ ትሕቲ ዝብል መደብ ንሉዑላውነትናን ነጻ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውሳኔናን ዝግህስ ናይ ወጻኢ ኣጻብዕቲ (መን ብዘየገድስ) ዝተሓወሶ ዝካየድ ለዉጢ፡ ካብ'ቲ ዘሎ ስርዓት ተናግፍካ ናብ ዝበኣሰ ህዝብና ዘይዉንና ሃገርን ንልኡላዉነታ ክትክላኸል ዘይትኽእልን፡ ናይ ባዕዳውያን ጥቕምታትን

*ስትርተጅን እተገልግል ካብ ምኳን ሓሊፋ ካልእ ትርፊ ኣይክህልዎን እዩ።*

*እንታይነት ናይ'ቲ ምልካዊ ስርዓትን መልክዑን ጠባያቱን ንጎኒ ሓድግና፡ ኣብ'ዚ ጽንኩር ኩነታት፡ ሃገርና ኤርትራ በቲ ተፈጥሮኣዊ ባህርያዊ ናይ መሬት ኣቐማምጣኣ ዝተዓደለቶ ስትራተጂካውዊ ኣንፈት፡ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ዝካየድ ዘሎ ናይ ጂኦ ስትራተጂ ሓዘል ቁሩቁሳትን ፡ጥቕምታት ናይ'ተን ሓያላን ሃገራት ምከናን፡ ንነጻ ዉሳነን ልኡላዉነትን ሃገርና ናብ ሓደጋ ዘሳጥሕ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣጀንዳ ኣይኮነን።*

*ኤርትራ፡ መንግስታዊ ቅዲ ዘይትዉንን/ ፓርላማ ዘይብላ/ ኣብ ሕገ ህንጻ መሰረት ዝገበረ መንግስታዊ ምሕደራ ዘይብላ ሃገር ፡ ብፍላይ ከኣ ንግዳማዊ ዝምድናታት ብመንጽር ሃገራዊ ረብሓታት ዝሰራዕ ንጹር ትልሚ ዘይትዉንን ሃገር ኮይና፡ ብኣንጻሩ፡ ተራጻሚ ኣጀንዳ ብዊንታ ናይ ሓደ ዉልቀሰብ ድልየትን ዝፍጻም ተወላዋሊ መርግጽን ኣካይዳን፡ ስጋብ ክንደይ ንልኡላዉነት ኤርትራ ናብ ከቢድ ሓደጋታት ዘሳጠሐ ምኳኑን ኣቃልልካ ዝግመት ናይ ሕጂ ክዉንነት (REALITY) ምኳኑ እዩ። እተን ሓያላን ሃገራት ንስትራተጂካዊ ረብሓታተን ኣብ ዞባና ዘካይደኦ ሽርሕታት ከይኣክል፥ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ውሽጣውን ደጋውን ፡ ዘይሕለል ህዝባዉን ዲፕሎማስያዉን ወፈራታት ኣብ ምክያድ ተጸሚዳ ትርከብ። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኢትዮጵያ ወናኒት ወደብ ኮይና ሓይሊ ባሕሪ ክትምስርትን፡ ዝዓለመ ምኳኑ ሕቡእ ኣጀንዳ ኣይኮነን። እዚ ናይ ኢትዮጵያ ጠለብ ኣብ ክሊ እቲ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን ዝካየድ ዘሎ ትልምታት/PLANS ምስ እቲ ናይ ኢትዮጵያ ጠለብ (ብደገፍ ናይ ኢማራት) መላግቦ ረኺቡ፡ ነዚ ብዓይኒ ታሪኽ ኮነ ብዓይኒ ሕጊ መሰረት ዘይብሉ ጠለባት፡ ሰማዒ እዝኒ ንኺይረክብ ኣንግህና ክንጥንቀቐሉን ከነስተዉዕለሉን፡ ብሃገር ደረጃ ሓላፍነት የሰክመና። ካብ'ዚ ተረድኦ'ዚ ብምብጋስ ብደረጃ ሃገራውያን ተቓወምቲ ሓይልታት ግቡእ ኣቓልቦን ንጹር መርገጽን ንምውናን ክንጽዕረሉ ዝግባእ ጉዳይ ኢዩ።*

*ልኡላዉነት ሃገርና ኣብ ሓደጋ ይሳጣሕ ኣሎ ዝብል ስክፍታታት ከነልዕል እንከለና፡ እዚ ማለትና ከኣ፡ በቲ ናይ ግዳም ዝህንደስ ዉዲታትን ንሱ ዝሕዞ ኣንፈትን ዝዉሰን ጥራሕ ኣይኮነን፥ የግዳስ ዘቤታዊ ሮቛሒ ክሕወሶ እንከሎ ኣዝዩ ኣዝዩ ኣጠራጣርን ሓደገኛን ይኸዉን። እቲ ስርዓት ከም ግቡኡ ነዚ ሓደገኛ ኩነታት'ዚ ኣብ ግምት ወሲዱን፡ ንህዝብን ሃገርን ዝምልከት ሃገራዊ ሓላፍነት ስለ ዝኾነ፥ ብዘይ ወዓል ሕደር፡ ኣሳታፊ ዝኾነ ሓድሽ ሃናጺ ፖለቲካዊ መርሆ ክእውጅ ይግባእ።*

*ስጋብ ሎም ዕለት ዶባትና ንኺይሕንጸጽ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኢትዮጵያ ሒዛቶ ዝጸንሐት ኣሉታዊ መርገጽ፣ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ'ዚ ጉዳይ ሒዝዎ ዝጸንሐን ዘሎን ኣደናጋሪ ዝኾነ መርገጽን፡ እንታይ ዝዓለመ ምኳኑ ዘተሓሳስብ ኣምር ኮይኑ፡ ነቶም ነቲ ልኡላዉነት ኤርትራ ክደፍሩ ዝፍትኑ ሓይላታት እንተኾነ'ውን ዘታባብዕን ዝዕድምን ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ዶብ ኤርትራን-ኢትዮጵያን፡ ብዘይ ወዓል ሕደር፡ በቲ ናይ ኣልጀርስ ስምምዕ መሰረት፡ ናይ መወዳእታ መዕለቢ ክግበረሉ፡ ደጊምና ደጋግምና መርገጽና ነነጽር።*

*ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሓምሳታት፡ ብሰላማዊ መንገዲ ነጻነቱ ከይረከበ፡ ንሰላሳ ነዊሕ ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ከካይድ ዝተገደደሉ ምኽንያት፡ ዓለም በቲ ናይ'ተን ሓያላን ሃገራት ዉጥናትን ናይ ስትራተጂ ጥቕምታተን ዝግዛእ ምኳኑ፡ ንህዝብናን ሃገርናን ከቢድ ዋጋ ዘኸፈለና ዘይርሳዕ ክዉንነት፡ ሕጂ እንተኾነ'ዉን ብሰንኪ እቲ ስርዓት ዝኸተሎ ዘሎ ግጉይ መርሆ፡ እቲ ናይ ዓመጽ ታሪኽ እንደገና ንኺይድገም ከም ኣብነት ግምት ክወሃቦ ዝግባእ ጉዳይ ምኳኑ ነስምረሉ።*

*(ኣብ ዝመጽእ ሕታምን ይቕጽል)*

# ደምዳሚ መግለጺ ራብዓይ ጉባኤ
# ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ "ድሕነት ህዝብን ሃገራን ብሓድነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓይልታት ዝረጋገጽ ማእከላይ ዕላማ'ዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤኡ ካብ 21 ክሳብ 26 ለካቲት 2014 ዓ/ም/ ኣሰላሰ።*

*መኽፈቲ ውዕሎ ጉባኤ ብቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለን፣ ቃል ኣቦ መንበር ስክረታርያ ማእከላይ ባይቶን፣ ቃል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካልን ተጀሚሩ። ቀጺሉ ናይ ምሕዝነታዊ ቃል ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንትን፣ ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ሃገርን፣ ከምኡ'ውን ካብ ፖለቲካውን በርጌሳውን መሓዙት ሓይልታትን ሃገራውያን ባእታታትን ምሕዝነታዊ መልእኽእትታት ብተኸታታሊ ቀሪቡ። ድሕሪኡን ኣብ ዝቐጸሉ ውዕሎታቱን፡ ጉባኤ ጸብጻባት መሪሕነታዊ ኣካላት ሰፊሕ ምይይጣት ብምክያድ ኣጽደቐ።*




*ጉባኤ፡ ኣብ ውድባዊ ሰነዳት ዘካየዶም ምይይጥ ምርኩስ ብምግባር፡ ከከም ኩነታቱ ውድባዊ ትካላትን መሪሕነታዊ ኣካላትን፡ ዘድምዕን፡ ክተዓጻጸፍ ዘኽእልን፡ ናይ ትካላት ቁጺጽር ኣድማዕነት ኣሰራርሓ ዘውሕስን፡ ኣገደስቲ ምምሕያሻት ኣብ ህንጻ - ሕገ ኣተኣታተወ።*

*ጉባኤ፡ ኤርትራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ዘሕለፎ ዘሎ ተሃዋሲ ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታት ብዕምቀት ብምርኣይ፡ ማእከላይ ሓባራዊ ሃገራዊ ዕላማ ንምርግጋጽ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህልው ብድሆታት ንምግጣም፡ ቅድሚ ዝኣገረ ሕድሕድ ገድላዊ ምትሕብባር ምዝያድን፡ ኣብ ዝተሓተ ስምምዕ ዘትከለ ኩሉ ዓቕሚታቶም ኣንጻር ሓባራዊ ጸላኢ ምቅናዕን፡ ህጹጽ መድረኻዊ ጠለብ ምዃኑ ኣረጋገጸ። ማእከላይ ሃገራዊ ዕላማ ድማ፡ ሰላምን ምርግጋእን ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምቕያርን፣ ኣምስይኡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብምትካል፣ ኣብ ሃገርና ፍትሕን ምዕሩይ ልምዓትን ዘውሕስ ጥዑይ ሃዋሁ ምስፋንን ምዃኑ ኣረጋገጸ።*

*ጉባኤ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብስም" በርጌድ ንሓመዱ" ናይ ዝነጥፍ ዘሎ መንእሰያዊ ምንቅስቓስ ባህርያት ዕላማኡን ጭርሖታቱን ብንጹር ንምፍላጥ፡ ዕቱብ መጽናዕቲ ምክያድ ኣገዳሲ ምዃኑ ረኣየ። ከምኡ'ውን ምስኡ ዝግበር ርኽክባት፡ ኣብ ሃገራዊ መስመር ብዝህልዎ እምነትን ምእዙዝነትን፣ ማሕበራውን፣ ሃይማኖታውን፣ ባህላውን ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራን፣ ከምኡ'ውን ታሪኽ ሃገራዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራን ሃገራዊ ሓይልታቱን ምኽባርን፣ ሓድነትን ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ምእማንን ኣብ ዝብሉ መረገጻት ዘትከለ ክኸውን ከም ዝግባእ ኣረጋገጸ። ብተወሳኺ ድማ፡ ናይ'ተን ዝነጣጠፈለን ሃገራት ሕግታት ምኽባር ኣብ ግምት ዘእትው'ውን ክኸውን ይግባእ።*

*ጉባኤ፡ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ፣ ወይ'ውን በርጌሳዊ ሓይሊ፡ ነዚ ሃገራዊ መትከላት'ዚ ዝትንክፍ ወይ'ውን ዝጻባእ እንተዳኣ ኮይኑ፡ ኣብ መጻኢ፡ ኣብ ልዕሊ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ክህልዎ ዝኽእል ሓደጋታት ብምስትውዓል፡ ብኣግኡ ብጽንዓት ክምከትን፣ በታኒ ኣረኣእያኡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ንኪቃላዕን ይግባእ።*

*ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፣ ኣንጊሁ ዓትዒቱ ዝሓዞ ዓፈናዊ ፖሊሲታትን፣ ንሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ሕሰም ክነብር ዝገበረን፡ ህዝቢ ኤርትራ ውልቃውን ሓባራውን ሓርነታቱን ሰብኣዊ መሰላቱን ተሓሪሙ፡ ናብራኡ ሚሕር ተጎሳቑሉን ይርከብ። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ውሽጣዊ ጉዳያት ኢዱ ብምትእትታው፡ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኣህዛብ ጎረባብቲ ሃገራት ክህልዎ ዝኽእል ዝነበረ ሕድሕዳዊ ልውውጥ ረብሓታት ዝፈቅድ ሕግታት ብምብኳርን፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሃገራትን ጥዑይ ዝምድና ንምስፋን ዝምድምድ ጥጡሕ ዕድል ኣይገደፈን። እዚ ካኣ፡ ኣብ ልዕሊ ማሕበራዊ ርኽክባትን ሕድሕዳዊ ቁጠባዊ ረብሓታትን ህዝቢታት ጎረባብቲ ሃገራት ከቢድ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣንቢሩ ይርከብ። ብስንኪ'ዚ ግጉይ ፖሊሲ'ዚ፡ ህዝብና ናይ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝኸተሎ ውጡር ዝምድናታት ጀሆ ክተሓዝ'ውን ኮይኑ ኣሎ። ንገለ ካብ ስርዓታት ጎረባብቲ ሃገራት፡ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ*

ሃገራዊ ናጽነቱ ዘካየዶ ናጽነታዊ ቃልሲ ዘነኣእሰን፡ ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ዝትንክፍን፡ ኣሰፋሕፋሒ ኣተሓሳስባ ብግህዶ የጋውሕ ኣሎ።

እዚ ኩነታት'ዚ ኣብ ኤርትራ ከም ዘሎዎ እንተ ዳኣ ቐጺሉ፡ ህላወ ህዝብና ንሓደጋ ከሳጣሕን፣ ስቅያቱ ኣብ ኩሉ መዳያት እምብዛ ከዛይድን'ዩ ዝኸውን። ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራን ሃገራዊ ተቓውሞ ሓይልታቱን፡ ሃገራዊ ልዑላውንት ንምሕላውን ናጽንት ንምዕቃብን፡ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብስሙር ቅልጽምን ብኣድማዒ ሱታፌን ካብ ዝሓለፉ ጊዜታት ንላዕሊ፡ ሎሚ'ዩ ህጹጽ እዋኑ።

ጉባኤ፡ ኣብ መንጎ ውድባት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ፡ ሓደ ውድብ ምህናጽ ዝዕላማኡ ስምምዕ መጒሱ። ንሓዳስ መርሒነት ካኣ መስርሕ ሓድነት ንምዝዛም ሓላፍነት ኣሰከመ። ብተወሳኺ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ካልኦት ሓይልታት ተቓውሞን ሓባራዊ ሃገራዊ ዕዮ ንምዕዛዝ ክሰርሑ ጸዊዑ።

ጉባኤ፡ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሓድሕደን ይኹን ኣብ ወውሽጠን ዘሕልፋኦ ዘሎዋ ቅልውላው ርእዩ። ኣብ ርእሲኡ ካኣ፡ ኣብ መንጎ ሓያላን ሃገራት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ጽልዋታተን ንምዕዛዝ ዝካየድ ዘሎ ቅሩቁሳት፡ ምርግጋእ ሃገራት ዞባናን ረብሓታተንን ዝህድድ ምዃኑ ተመልከተ።



ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ እትሕልፎ ዘላ ውሽጣዊ ግጭታት፡ ብሕልፊ ድማ ብድሕሪ ውግእ ትግራይ፡ ብሄር ተኰር ውሽጣዊ ግጭታት በብከባቢኡ ብምስፍሕፋሕ፡ ኣብ ልዕሊ ሓድነት ኢትዮጵያ ዘንጸላለወ ኣጠቓላሊ ሓደጋ'ዩ። ብስሩ እዚ ሕዱርን ሓዲሽን ቅልውላው'ዚ፡ እኩብ ድምር ታሪኻዊ ውጺኢት ቀዳሞትን ዳሕረዎትን ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያን ዘተኸተሉዎ ኀባጥን፣ ዓብላልን፣ ኣግላልን ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ኢዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ልሂቃን ኢትዮጵያውያን ኣብ ውሽጣዊ ዝምድናታት ኢትዮጵያ ይኹን፣ ወይ'ውን ኣብ ግዳማዊ ዝምድናታታ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት፡ ብፍላይ ድማ ምስ ኤርትራ፡ ካብ'ዚ ኣስፋሕፋሒ ኣተሓሳስባ'ዚ ዛጊት ኣይተላቀቑን።

እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ብቐንዱ ንኢትዮጵያ፡ ብኡ ንብኡ ድማ ንዞባና፡ ኣብ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ገዚፍን ሓደጋ ዝዝፍዝፍ'ዩ። ጉባኤ፡ ኢትዮጵያውን ልሂቃን ንሃገራዊ ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ዝግህስ ፕሮፓጋንዳ ኣብ ምንዛሕ ካብ ምውፋር ክቝጠቡ ኣትሪሩ የማሕጽን። ኣብ መንጎ ክልቴኣን ኣሓት ሃገራት ዝሰረት ጥዑይ ክልቴኣዊ ዝምድና፡ ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገር ልዑላውነት፣ ሓባራዊ ረብሓታትን ኣብ ምኽባርን፡ ኣብ ናይ ካልኦት ውሽጣዊ ጉዳያት ኢድ ዘይምእታውን ዝምስረት እንተኾይኑ ጥራይ'ዩ።

ሱዳን ሽሕ'ኳ ከም'ተን ካልኦት ጎረባብቱ ሃገራት ብውሽጣዊ ግጭታት ይሳቀ እንተ ነበረ፡ ንነዊሕ ዘመናት ንብዙሓት ዜጋታት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ እንተላይ ንህዝቢ ኤርትራ፣ ውሑስ መዕቆብን መጽለለን ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ። ጉባኤ፡ ፖለቲካዊ፣ ወተሃደራውን በርጌሳዊ ሓይልታት ሱዳን፡ ነዚ ህልው ጽንኩር ኩነታት'ዚ ንምስጋርን፣ ሓድነት ሱዳን ንምዕቃብን፡ ደማዊ ኩናት ደው ምባልን፡ ግርጭታቶም ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ሃገራዊ ዘተ ንኸካይዱ ይጽውዕ። ብተወሳኺ ኣፍሪቃውን ዓረባውን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ነፍሰን ካብ ኣሉታዊ ኢድ ኣእታውነት ብምርሓቅ፡ ንኩሎም ተጻባእቲ ወገናት ሱዳን ናብ መኣዲ ዘተ ንምምጻእ ኣወንታዊ ግደአን ከበርክታ ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤ ግሃድኤ ጸዊዑ። ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ሓው ህዝቢ ሱዳን ዓቃል ልቦና፡ ነዚ ህልው ሽግር'ዚ ንምስጋርን፡ ንሱዳን ከም ቀደሙ መጽለሊ ህዝቡን ህዝቢታት ከባቢኡን ክገብሮን ዓቢ ተስፋ ይገብር።

ጉባኤ፡ ብዛዕባ ሓብትና ዝኾነት ሃገረ ሱማል ብዝምልከት፣ ሓድነት መሬት ሶማልያን ክሕልው ዘለዉ ምዃኑ ብምእማን፡ ንሓድነት ልዑላውነት ሶማልን ዝትንክፍን ዘዳኽምን ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ኢድ ምትእትታው ነጺጉ።

ጉባኤ፡ ኣብ መንጎ ፈለስጤናውያንን እስራኣልን ኣብ ቓዛ ዝካየድ ዘሎ ውግእ ብሓደ ሸንኺ፡ ኣብ መንጎ ራሻን ዩክረንን ዝካየድ ዘሎ ውግእ ካኣ በቲ ካልእ ሸንኺ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ልዕሊ ዝምድናታት ኣህጉራዊ ውድባትን ንዕኦም ዝቆጻጸሩ ኣህጉራዊ ስርዓታትን፣ ሕግታትን ውዕላትን ስምምዓትን፡፣ ሕጊታት፣ቃል-ኪዳናትን፣ ዝሰርዑ ስምምዓት ሓደጋ ዘንጸላልው ምዃኑ

*ይርኢይ። ብተወሳኺ ካኣ፡ ብመሰረት ሰማያውን ኣህጉራውን ሕጋጋት፡ መሰላትን ፍትሕን ዝከፋፈሉ ብዘይምኽናም፡ ኣብ ተመሳሳሊ ጉዳይ ዓጸፈታ ድርብ ፖሊሲ ምውሳድ ግቡእ ከም ዘይኮነ ይርኢይ።*

*ጉባኤ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ቓዛ ዝካየድ ዘሎ ውግእ ጠጠው ንምባል ተጻዊኖታቱ ከዛይድን፡ ንግጭት ፈለስጤምን እስራኣልን ውዱእ መዕለቢ ንምርካብ፡ ኣህጉራዊ ሕግታት መሰረት ብምብጋር፣ ፍትሓዊ ሰላማዊ ፍታሕ ንምንዳይ ክጽዕርን ይጽዊዕ።*

*ሓያላን ሃገራት ካብ ሓደ ክፍለ ዘበን ንላዕሊ ጸጋታት ውጹዓት ህዝቢታት ዓሕጒሐን'የን። ሕጂ ብዋጋ ድኹማት ህዝቢታት ዘካይዳኦ ግጭታት ናብ ዘይጽወር ደረጃ በጺሑ ይርከብ። ኣብ መላእ ዓለም ዋሕዚ ደም ብዘይ ምፍሳስን ብዘይ ቁሩጽራጽ ሬሳታት ጭቁናት ህዝቢታትን፡ ኣህጉራዊ ረብሓታተን ብሰላማዊ ኣገባብ ምርግጋጽ ከሓስባ ይግባእ።*

*ኣብ'ዚ ስነ-ፍልጠትን ተክኖሎጂን ኣዝዩ ኣብ ዝምዕብለሉ ዘሎ መዋእል'ዚ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ዝረአ ዘሎ ምዝባዕ ክብሪታት ፍትሕን ማዕርነትን፡ ሰብኣዊ ክብሪታትን ስነ-ምግባርን ክንደ ኣየናይ ወዲቑ ምህላው ብግልጺ ዘኍልህ'ዩ። ከምኡ'ውን ዓብላልነት ሓያላን ሃገራት ዝገርሖ ሕልናን፡ ዝእደቦ ሕግን ብዘይብሉ መንገዲ፡ ሕጋጋት መሮር ብዋጋ ድኹማት ህዝቢታት ክንደ ኣየናይ ሳዕሪሩ ምህላዉ ዝገልጽ'ውን'ዩ።*

*ባህግና፡ ኣብ መንጎ ህዝቢታት ኣፍራዪ ሕድሕድ ምትሕብባር ዝሰፈኖን፡ ህዝቢታት ብዘይ ዝኾነ ዓይነትን መልከዓትን ኣድልዎ ባህሪያዊ ጸጋታቶምን ኣብ በበይኑ መዳያት ዝኸሰት ዘሎ ተክኖሎጂያዊ ምዕባለታትን፡ ብፍትሓዊ ኣገባብ ንረብሓ መላእ ደቂ ሰባት ዝመራቓሓሉን፡ ንጥቅሚ መጻኢ ወለዶታት ብማዕረ ዘገልግልን፡ ኩናታት ዘይብሉ ዓለም ምርኣይ'ዩ።*

*ጉባኤ፡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍላተ-ዓለም፡ ብሕልፊ ድማ፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዘሕልፉዎ ዘሎዉ ጎስቋላ መነባብሮን ቐጻሊ ስቅያትን ብኣንክሮ ተመልከተ። እቲ ዝበኣሰ ስቅያት ካኣ፡ ኣብ ክልል ትግራይ ተርእዮ ምዕጋት ኤርትራውያን እምቢዛ ሳዕሪሩ ምህላዉ ተመልከተ። ስለዝኾነ ድማ፡ ዶብ ኤርትራ-ትግራይ (ኢትዮጵያ) ሰጊሮም ዉሑስ መዕቆቢ ንምንዳይ ኣብ ክልል ትግራይ ዝኣትዉ ኤርትራውያን፡ ብደቂ ሰባት ዝነግዱ ሸፋቱ ኮንትሮባንዳታት እናተዓገቱ፡ ከም መልቀቒ ልዕሊ ዓቅሚ ቤተ ሰባቶም ዝኾነ ጋር-ነፍሲ ምክኽፋል ይግደዱ ብምህላዎም ሓቀኛ ስግኣቱ ገለጸ። ጉባኤ፡ ንጊዜያዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ ነዚ ንሕውነታዊ ሰናይ ዝምድናታት ክልቴኡ ኣሕዋት ህዝቢታት ዝበላሹዉ ተግባራት ሸፋቱ ክገትኡዎም ይጽዊዕ።*

*ጉባኤ፡ ናይ ስደተኛታት ጉዳይ ዝምልከተን ኣህጉራዊ ውድባት፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ፣ ሱዳን፣ የመን፣ ሊብያን ካልእን፡ ሰቅያት ንምቅላል ኣድላዩ ደገፉት ክገብራ ይጽዊዕ።*

*ጉባኤ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክሕንግድን ኣብ ጎኒ ህዝቡን ምእንቲ ዲሞክራሲ፣ ፍትሕን ማዕርነትን ንምርግጋጽ ዝቃለሱ ሃገራዊ ሓይልታቱን ክውግንን ይጽዊዕ።*

*ጉባኤ፡ ሓድነታዊ መስርሕ ሃገራዊ ልፍንቲ ንቅድሚት ዝድርኽ፣ ምስ ተመሳሳሊ ድልየትን ፕሮግራምን ዝውኒና ካልኦት ሃገራዊ ሓይልታት ብተመሳሳሊ ሓድነታዊ መስርሕ ዘርሕውን ግደ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘዐዝዝን ብርክት ዝበሉ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ። ኣብ ርእሲኡ ካኣ፡ ውድባዊ ኣሰራርሓ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ዘማዕብሉ ውሳኔታት'ውን ኣሕለፈ። ጉባኤ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ዉዕሎኡ፡ መጻኢ መድረኽ እትመሪሕ ሓዳስ መሪሕነት መረጸ።*

*ዓወት ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!*
*ክብርን መጎስን ንስዉኣኣትና!!*

*ራብዓይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*26 ለካቲት 2024*

## *ክቡራት ኣንበብቲ*

*ርእይቶኹምን ትዕዝብትኹምን በዚ ዝስዕብ ኢመይል*
*ክትሰዱልና ንምሕጸን !!*
ensf.info@gmail.com